## *ደቂ ሐላፍነት ዘይስምዖም Y.P.F.D.J.ሕጂ ዶ ይሐይሽ*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
*ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ብሰብ ሕልና ክወግሕ ዩ ለይቲ*
*ድሕሪ ነዊሕ ላዕሊ ታሕቲ*
*ሐተላ ተጻሚቑ ብመኹባዕቲ*
*ሕፍረት ተጎልቢቦም ህግደፍ ሐሰውቲ..*

*ከም ወትሩ ንህግደፍ እግሪ እግሮም*
*ብደቂ ኤረይ ዓወት ዝለማዶም*
*ማንኪ ዝመራሒኦም*
*ደቂ ሐላፍነት ዘይስምዖም*
*ኣብ ሆላንድ ተበቲኖ ሕልሞም..*

*ደቂ ጃንዳ ህግደፍ Y.P.F.D.J.ሕጂ ዶ ይሐይሽ*
*ከም ሃመማ ሐጋይ ኣብ ሆላንድ ተባሂልኩም ሽሽ*
*ደለይቲ ፍትሒ ኣቢሎምኹም ሕምሽሽ ኩርምሽ..*



*ስርሒት ደለይቲ ፍትሒ ብደቂ ሔማ*
*ኣሰር ኢስራኤል ስዊስ ንውዮርክ ደጊማ*
*ሆላንድ ከም ጊሰን ናይ ጀርመን ከተማ*
*ህግደፋዊያን ተጨልጊሞም ደቂ ማማ..*

*ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራዊያን*
*ኣብ ሽወደን ኖርወይ ጀርመን*
*ዓወት ቮሎኛ ዓዲ ጥልያን*
*ሕድሪ ዘይጠለምና ሃገራዊያን*
*እግሪ እግሮም ንህግደፋዊያን..*

*ሃገር ብሃብታማ ክልምና ኣደታት*




*ዓዲ ጽቡቕ ኣላ ዝብሉ ጃንዳ ዑሱባት*
*ኣብ ዓዲ ሕጊ ተሳዒሮም ዕሙታት..*

ሎሚ ኣብ ሆላንድ ጽባሕ ኣብ ኣስመራ
ሕኑቕ እንታይ የውጽእ ዓፍራ
ብደለይቲ ፍትሒ ደቂ ኤርትራ
ምስ ደቆም ህግደፋዊያን ጮፍራ
ማንኪ ዝካድሮም ዕንዝራ
ኣብ ሆላንድ ደጀኖም ተሰራ..

ኣለና ኣሐት ተኸደንቲ ቁምጣ ስረ ካኪ
ብጅግንነት ዝማርኹ ንታንኪ
ተቀበልቲ ሕድሪ ኣይነፍቅድን ህዝብና ክበኪ
ጭርሑና ወትሩ እወ ንሐርነት እንቢ ንምልኪ..

ከም መንደላይ ተመን ዝፋጸ
ብቓጻ ዝነብር እንዳ ቆረጸ
ኣብ ሆላንድ ሕቑኡ ተቖጸ..

ሳቦያ ኢልና ክንድይቦ ንፎርቶ
ንሐሶታት ህግደፍ ብስነት ክንምክቶ
ምትህልላኽ ገዲፍና ናብ ስራሕ ንእቶ
ናይ ሐርነት ሕቶ
ንኹሉ ኤርትራዊ እዩ ዝምልከቶ..

ብደም ጀጋኑ ደቀይ ኣሐተይ ከይሕበን ከፊኡኒ


ንህዝባ ትኸውን ሃብታም ሃገር ከላትኒ
ኣብ ገዛእ ዓደይ ካልኣይ ዜጋ ኮይነ ለማኒ
መሰል ሲኢነ ከይዛረበ ቃሕ ዝበለኒ
ሪጋ ንላምባ ሪጋ ንባኒ ሐርነት ሐርቢቱኒ
ህዝቢ ይብል ኣሎ ካብ ህግደፍ ኣጋላግሉኒ..

ካብ ሪጋ ንላምባ ሪጋ ባኒ ክንጋላገል
ብደገን ብውሽጢን ጥራይ ንቃባበል
ቁሩባት ኣለና ክንኣልዮ ንስርዓት ገበል..

ካብ ሐርጎጽጎጽ ወጺና ናብ ስራሕ ሰጊርና
ብደለይቲ ፍትሒ ኣብ ሃገር ሆላንድ ተሐብና

*ኣብ ልዕሊ ጃንዳ ህግደፍ ዓወት ኣመዝጊብና*
*ኣጆና ንለውጢ ኤርትራዊያን ኣለናዮ ብዕልና..*

*ንቐጽሎ ብስኒት እቲ ስራሕ*
*ንጃንዳ ህግደፍ ኣቢልና ፋሕ*
*ብሕጊ ብቅዋም ክንምራሕ ጽባሕ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ*
*ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረናሽዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*